# ስብሓት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ሥምረቱ ለሰብእ



# ክብረ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ

"ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ሞንጎ እቶም እግዚኣብሔር ዝሕጐሰሎም ሰብ፡"

ሉቃስ 2፡14.

እዚ መዝሙር'ዚ ኣብዚ ዓመት ዓመት ብብዙሕ ናፍቖት እንጽበዮን እነኽብሮን ርእሲ በዓላት ዝኾነ በዓል ልደትና፡ ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት በቶም ምስጋና ዝሠርሖም ቅዱሳን መላእኽቲ ዝተዘመረ መዝሙር ኢዩ። እግዚኣብሔር እቲ ናይ ድሕነት ተስፋ ቅድም ኢሉ ንነቢያት እናነገሮም ዝጸንሐ ንዓለም ዘድሕነሉ ግዜ ምስ ኣኸለ ሰብ ኮይኑ ሥጋ ለቢሱ ኽውለድ ፍቓዱ ኮነ። ገላ.4፡4. ነዚ ድሕነት ዓለም ምኽንያት እትኸውን ድማ ብቕድስናን ብንጽህናን ብቕዕቲ ኮይና ንዝረኸባ ንቕድስት ድንግል ማርያም መረጸ። ንመልኣኹ ቅዱስ ገብርኤል ልኢኹ ድማ ኣብሠራ። እቲ መልኣኽ "ሰላም ንዓኺ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ፡ ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ እነሆ ክትጠንሲ ወዲ ውን ክትወልዲ ስሙ ኸኣ ኢየሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ.... በላ'ሞ ቅድስት ድንግል ከኣ ኣነ ድንግል ኢየ እዚ ነገር እዚ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል በለቶ ንሱ ኸኣ መወዳእትኡ ዘየዳግም ንእግዚኣብሔር ዝሰኣኖ ነገር የልቦን በላ ንሳ ኸኣ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነኒ በለት፡ ሉቃስ.1፡26-38. በዚ ግዜ'ዚ ኣካላዊ ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ማሕፀና

ሓዲሩ ሥጋና ለቢሱ ሰብ ኮይኑ ተወልደ። “ቃል ሥጋ ኮነ” ዮሓ.1፡14 ናይ እምነትና ተዋህዶ ትርጉም እምበኣር መሠረቱ ካብዚ ጥቕሲ'ዚ ኢዩ። ቃልን ሥጋን ተዋሃሃደ።

በዚ ልደት ጐይታ፡ ኩሉ ፍጥረት ተሓጕሰ፡ “ወኵሉ ፍጥረት ተፈስሐ በምጽኣትከ” ይብል። ነቶም ቅድም ብሥራት ልደቱ ክሰምዑን ክርእዩን ዝፈቐደሎም ሕያዎት ጓሶት “እቲ መልኣኽ እነሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጎስ አበሥረኩም ኣለኹ እሞ ኣይትፍርሁ። ሎሚ መድሓኒ ክርስቶስ ጐይታ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ ምልክት ከኣ በጭርቕቲ ዝተጠቕለለ ሕፃን ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም በሎም። ልደት ጐይታን ድሕነት ዓለምን ዘሓጐሶም ሠራዊት ሰማይ ድማ ነቶም ጓሶት እምነቶም ምእንቲ ክጸንዕ ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ብምባል ከመስግኑ ተራእይዎም። ካብ ምስማዕ ምርኣይ ስለ ዝዓቢ ነቲ እግዚኣብሔር ዝገለጸሎም ክውን ነገር ክርእዩ ናብ ቤተ-ልሔም እንተኸዱ ኸኣ ከምቲ ዝተነግሮም ንማርያምን ንዮሴፍን ነቲ ኣብ መብልዕ ማል ዝደቀሰ ሕፃንን ረኸብዎም፡ በዚ ኸኣ ብዝሰምዕዎን ብዝረኣይዎን ተሓጎሱ። ሉቃስ.2፡8-21፡ ካልኦት ውን ካብ ሃገር ምብራቕ ብኮኾብ እናተመርሑ ነዊሕ መገዲ ተጓዒዞም ዝመጹ ሰብ ጥበብ ወርቅን፡ ዕጣንን፡ ከርበን ገጸ በረኸት፡ ትሕዝቶኦም ኣበርኪቶም ሰጊዶም፡ ዕዙዝን ብዙሕን ሓጐስ ተሓጒሶም ንዓዶም ተመልሱ። ማቴ.2፡1-12፡ ኣብ ሰፈሮም ኣብ መብልዒኦም ጐይታ ዝተወልደሎም እንስሳታት ላሕሚ፡ ኣድጊ ድማ ተሓጒሶም ንቑሪ መከላኸሊ መሞቒ እስትንፋሶም ገበሩሉ። ”ወኣስተማወቅዎ እስትንፋሰ ኣድግ ወላሕም በመዋዕለ ቊር” ይብል (ቅዳሴ ማርያም ሓዳፌ ነፍስ) ኢሳ.1፡3. ከምዚ ኢሉ ጐይታ ክውለድ ከሎ ዘይተሓጐሰ ፍጥረት የልቦን። እዚ ሓጎስ እዚ ኸኣ ኢዩ ክሣብ ሎሚ ልደት እንዳ ኽመጽእ ኩሉ ዓለም ማለት እቲ ብእኡ ዝኣምን ክሕጐስን ብኽብሪ ክቕበሎን ዝረአ ዘሎ።

**<u>ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን፦</u>** እዚ ልደት እዚ እምበኣር ከምቲ ነቢይ ኢሳይያስ ዝበሎ “ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና ንሱ ገዛኢና ክኸውን ኢዩ። ንሱ ግሩም መኻሪ፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ዘለዓለማዊ ኣቦ፡ መስፍን ሰላም .... ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብሓቅን ብፍትሕን ኪገዝእ ኢዩ ዝበሎ ብምኳኑ ኢሳ.9፡6-8. ንልደት መድሓኒና ኣጸቢቕና ብዓቢይ ሓጎስ ክንቅበሎን ከነብዕሎን ይግብኣና። ኣበዓዕላና ኸኣ ሓድሽ ክዳን ብምኽዳን ጥዑም መባልዕ ብምቕራብ ጥራሕ ዘይኮነ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ኣቕዲምካ ኣብ ቤት ኣምላኽ ቤተ-ክርስቲያን ተረኺብካ ንዕኡ ዝግባእ ከምቲ ናይ መላእኽቲ ክብርን ምስጋናን ብምቕራብ፡ ሰብነትካ ካብ ኩሉ ክፍኣት ኣንጺሕካ ማለት ካብ ቂም በቐል፡ ቅንኣት፡ ሓሶት፡ ስርቂ፡ ሓሜት ዝመስል ርሒቕካ፡ ካብ ዘሎካ ንስኡናት እናካፈልካ ብሓጐስን ፍቕርን ከተብዕሎ ከለኻ ናይ ብሓቂ ትርጉም ዘለዎ በዓል ይኸውን። እምበኣር ልዑል ኣምላኽና ናብዚ ቡሩኽ በዓል ልደቱ ንዘብጽሓና ኣብ ሰማይ ንዓኻ ክብሪ ይኹን፡ ንደቂ ሰብ ከኣ ኣብ ምድሪ ሰላም ይኹን እናበልና ኣጸቢቕና ነመስግኖ'ሞ በዓልና ኸኣ ናይ ሓጎስን ሰላምን ክገብረልና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹን።

ርሑስ በዓል ልደት ይግበረልና!!!

ደብረ ሰላም ቅድስት ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ሽካጎ

ሓሙስ ፳፱ ታሕሣስ ፳፻፪ ዓ.ም. **January 7, 2010**